# ናይ ሓባር ዕማም ምምቃል

<u>መምርሒ:</u>

- ነቲ ሕቶ ብሓባር ኣንብቡዎ።
- ብሓባር ተማያየጡ።
- ነቲ ትረኽቡዎ ሓበሬታ ስኣሉዎ ወይ ጽሓፉዎ።
- ነቲ ሕቶ ብሓባር ስርሑዎ።
- ነቲ ሕቶ ብኸመይ ከምዝሰራሕኩሞ ግለጹ።

## ዕማም 1:

ኣብቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከብ መቐመጢ ሳእኒ: 36 ሳእኒ(ብሓባር ናይ የማንን ጸጋምን) ተቐሚጡ ኔሩ። ኣብቲ መዓልቲ እቲ፡ክንደይ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኔሮም?

## ዕማም 2:

ኣብ ውሽጢ ሓደ ማኪና ዘለዉ ሰባት ብሓባር 50 ኣጻብዕቲ ኢድ ተሊዩዎም፡ ክንድምንታይ ሰብ ኣብታ ማኪና ኔሮም?

## ዕማም 3:

3 ተምሃሮ 23 ባኒ ክማቐሉ እዮም። ነፍስ ወከፍ ተምሃሮ ክንደይ ባኒ ይብጽሖ?

## ዕማም 4:

4 ቆልዑት ኣውቶቡስ ይጽበዩ ኣለዉ። እቲ ሓደ ቆልዓ ሓደ 25 ቁርጽራጽ ዘለዎ ቸኮሌት ኔሩዎ። ነቲ ቸኮሌት ብኸመይ ዝተመቓቐሉዎ ይመስለኩም?



*Sjokoladeplate. Foto: Pixabay*

## ዕማም 5:

61 ክሮነር ኣሎካ ንበል። ክንድምንታይ በዓል 5 ክሮነር ሳንቲም ይህልወካ?



*Mynter. Foto: Pixabay*

## ዕማም 6:

ኣብ ሓደ ሓሙሽተ ቆልዑት ዘለዎ ስድራቤት ፍርቆም ኣወዳት እዮም።

ከመይ ጌሩ ከምዚ ክኸውን ይኽእል?

## ዕማም 7:

99:3=

936:3=

212:2=

624:2=

864:2=

66:22=